ቍጽሪ ጉዳይ፦

ዝተመልከተሉ ዕለት፦

# ናይ ብዘይሕጊ ምሓዝ ገዛ/ቦታ (ካብ ገዛ/ቦታ ናይ ምስጓግ) መፍለጢ

<u>**ዋና ኣካራዪኹም ካብ ገዛ ንምስጓግኩም ናይ ቤት ፍርዲ ኽሲ መስርሕ ጀሚሩ ኣሎ**</u>።

**ስጉምቲ ውሰዱ!**

እቲ ናይ ክሲ ጥርዓን ምስ በጻሓኩም፣ ቀዳምን ሰንበትን ወይ ናይ ቤት ፍርዲ በዓላትን ከየጠቓለልኩም፣ መልሲ ንምቕራብ <u>10 መዓልታት</u> ኣለኩም።

**<u>መልሲ እንተዘይሂብኩም</u>፣ ብቀጥታ ክትስዓሩ ትኽእሉ ኢኹም።**

**ሓገዝ ርኸቡ!**

እዞም ዝስዕቡ ትካላት ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም፦

| | |
|---|---|
| • ሕጋዊ ሓገዝ ቤይ ኤርያ | (510) 663-4744<br>ብነጻ ዝድወል መስመር ቴለፎን፦<br>1-877-346-4529 |
| • Centro Legal de la Raza | (510) 437-1554 |
| • ማእከል ሕጊ ማሕበረሰብ East Bay | (510) 548-4040 |
| • ማእከል ምክልኻል ምስጓግ ካብ ገዛ/ቦታ | (510) 452-4541 |

ኮሚቴ ጠበቓታት ክፍለ ሃገር California ኣብ California ንዘለዉ ናይ ጠበቓታት መወከሲ ኣገልግሎታት ብቑዕነት የረጋግጽ (ሰርቲፊኬት ይህብ)፤ ከምኡ እውን ብደረጃ ዞባ እተወደበ ዝርዝር ናይቶም ብቑዕነቶም ዝተረጋገጸ ናይ ጠበቓታት መወከሲ ኣገልግሎታት ይሕትም። ኣብ ዘለኹምሉ ዞባ ናይ ጠበቓታት መወከሲ ኣገልግሎት ንምርካብ፣ ናብቲ ናይቲ ስቴት ባር መርበብ ሓበሬታ www.calbar.ca.gov ብምእታው ተመልከቱ, ወይ ድማ ብቑጽሪ ቴሌፎን 1-866-442-2529 ደውሉ። ንዞባ Alameda፣ ናብ https://www.acbanet.org/need-a-lawyer/ ብምእታው ተመልከቱ፣ ወይ ድማ ብቑጽሪ ቴሌፎን 510-302-2222 ደውሉ።

**ባዕላዊ ሓገዝ**

እቲ ቤት ፍርዲ፣ ባዕሎም ንባዕሎም ንዝጣበቑ (ጠበቓ ንዘይብሎም) ሰባት ዝሕግዝ ሓበሬታ ዘለዎ መርበብ ሓበሬታ ኣለዎ፦ https://www.alameda.courts.ca.gov/self-help።

ብተወሳኺ፣ ኣብቲ ኣብ Hayward Hall of Justice፣ 24405 Amador St, Hayward, CA 94544 ዝርከብ ናይቲ ቤት ፍርዲ ባዕልኹም እትሕግዙሉ ማእከል ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ወይ ድማ ብቑጽሪ ቴሌፎን (510) 272-1393 ደውሉ

Espanol www.alameda.courts.ca.gov/[]

粵語 www.alameda.courts.ca.gov/[]



**NOTICE OF UNLAWFUL DETAINER (EVICTION)**

ምስጢራዊ ንዝተገብሩ መዝገባት/ክስታት ብዝምልከት ዝወጸ መፍለጢ፡-

በቲ ናይ ሲቪል ስነ-ስርዓት ሕጊ ክፍሊ 1161.2 መሰረት፣ እዚ ናይ ክሲ መዝገብ ብዞም ዝስዕቡ ሰባት ጥራይ ክርአ ወይ ክምርመር ይኽእል፡-

1.) ኣብቲ ክሲ ተጠቒሱ ዘሎ ዝኾነ ይኹን ወገን፣

2.) ናይ ሓደ ካብቶም ወገናት ጠበቓ፣

3.) ነቲ ጸሓፊ እዞም ዝስዕቡ ዘቕርብ ዝኾነ ይኹን ካልእ ሰብ፡- (ሀ) ስም ናይ ብውሑዱ ሓደ ከሳስን ሓደ ተኸሳስን ኣብቲ ክሲ፣ ከምኡ እውን ኣድራሻ ናይቲ ክሲ ዝግበረሉ ዘሎ ቦታ፤ እዚ እውን ዝኾነ ዝምልከቶ ናይ ኣፓርታማ፣ ክፍሊ ወይ ናይ ቦታ ቊጽሪ ዘጠቓለለ ክኸውን ኣለዎ፣ (ለ) ስም ናይ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ክሲ ዘለዉ ወገናት ወይ ናይቲ ክሲ ቊጽሪ፤ ከምኡ እውን ብግቡእ መለለዪ ገይሩ/ራ ኣብቲ ክሲ ዝግበረሉ ዘሎ ቦታ ከም ዝነብር/ትነብር ከረጋግጹ ዝኽእሉ።

እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ዘየማልኡ ሰባት፣ እቲ ናይ ጥርዓን/ክሲ ሰነድ ካብ ዝኣቱ ጀሚሩ ክሳብ 60 መዓልታት፣ ናይቲ ቤት ፍርዲ መውጽኢ ሓበሬታ፣ ዝርዝር ስጉምትታት ወይ ካልኦት ናይ ቤት ፍርዲ መዛግብቲ ክረኽቡ ወይ ክርእዩ ኣይኽእሉን፤ ብቑዕ ምኽንያት ብምቕራብ ብዝውሃብ ናይ ሓደ ወገን ጥራይ ትእዛዝ እንተዘይኮይኑ።

---

**ናይ ፖስታ ምስዳድ ምስክር ወረቐት**

ኣነ እቲ ኣብ ታሕቲ ስመይ ዝተጠቕሰ ላዕለዋይ ፈጻሚ በዓል ስልጣን / ጸሓፊ ናይዚ ኣብ ላዕሊ ስሙ ተጠቒሱ ዘሎ ቤት ፍርዲ፣ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ተኻፋሊ ከም ዘይኮንኩ፣ ከምኡ እውን በዛ ሎሚ መዓልቲ እዚኣ ነቲ ናይ ሕጋዊ ዘይኮነ ሒዝኩም ምጽናሕ (ካብ ገዛ/ቦታ ናይ ምስጓግ) መፍለጢ ኣብ ታሕቲ ስሞም ንተጠቕሱ ነፍሲ ወከፍ ወገን ወይ ጠበቓ፣ ከምኡ እውን ኣብቲ ጉዳይ ዝምልከቶ ቦታ ንዘለዉ "ኹሎም ነበርቲ"፣ ነቲ ሰነድ ንምእካብን ብፖስታ ንምስዳድን ብምድላው፣ ኣብ __________፣ California ኣብ ዝርከብ ህንጻ ቤት ፍርዲ ናብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ፖስታ ከም ዝኣቱ ብምግባር ከም ዘብጻሕኩ በዚ እረጋግጽ፤ እዚ እውን ናይቲ ኣብዚ ፋይል ዝተገብረ/ዝተመዝገበ ዋና ሰነድ ሓደ ቕዳሕ፣ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ኣድራሻ፣ ናይ ፖስታ ክፍሊቱ ምሉእ ብምሉእ ተኸፊሉሉ፣ ብተፈላለየ ዝተዓሸገ ፖስታ፣ ምስቲ ልሙድ ናይ ቤት ፍርዲ ኣሰራርሓ ብዝሰማማዕ መንገዲ ዝተፈጸመ እዩ።

ዕለት፡- ____________ ብ፡-